ሕጂ ውን ንህግደፍን መሰልቶምን
ካብ ምብዳህ ዓዲ ኣይውዕልን
ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
1ይ ክፋል
በርህ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን



ሕድሪ ዓዋተ ክነዕውቶ
ክትግበር ናይ ሓርነት ሕቶ
ኣብ መስከረም ቃል ንእቶ//

ኣብሺርካ ሓምድ እድሪስ ዓወተ
በጠል ውድ ኤረትራ ሓሊብ ሰተ
ጅግና ኤረትራዊ ገድሊ ህዝቢ ዝመስረተ//

ኣዳል ተዛረቢ
ዓዋተ ጎቦ ኣዳል ምስ ደበ
ቀልሃ ኣቡ ዓሸራ ምስ ዘነበ
ንህዝቢ ኤረትራ ብስራት ምስ ሃበ
እንታይ በለ ንዓዋተ ዝሰዓበ//

ኣዳል ተዛረቢ
ዕላማ መስከረም ክትርኀም
ህዝቢ ክነብር ብሰላም
ኤረትራ ክትከውን ለምለም//

ኣዳል ተዛረቢ
እንታይ በለ ናይ ኤረትራ ህዝቢ
እወ ንነጻነት ንመግዛእቲ እንቢ//

ዝዓበኻ ዝነኣስካ
ኣሰር ዓዋተ ዝተኸተልካ
ሕድሪ ስዉኣት ዘይጠለምካ
ህያውዩ ታሪኺ ታሪካ//

ኣለና እወ ሕድሪ
ናይ መስከረም ነድሪ
እወ ንሕና ደቂ ቀይሕ ባሕሪ//

መስከረም ያኣክል በልና ሎሚሲ
ደምሲስኩም ነቲ ደም ምፍሰሲ
ኣብ ሃገርኩም ተኸሉ ደሞክራሲ//

መስከረም ኤረትራ ንመን
ህግደፍ ወካሊና ኣይኮነን
ትምኒት ጸላእትና ከምህምን
ኤረትራ ንኤረታራዊያን ክትከውን//

መልእኽቱ ሰሚሩ ጠላም
ነጻነት ዊሒጥዎ ጸላም
ንኽልተ ጎራሕት ንመክቶም
ከም ትኪ ክበንን ሕልሞም//

ቃልስና መበል 53 ዓመቱ

ሕልምና ኣንፈቱ ስሒቱ
ህዝቢ ሲኢኑ ሐርነቱ
ሃገር ብሸፋቱ ተባሒቱ//

ን53ዓመት ንብዕል ሎሚ
ፋሕ ንብል ንመን ጠቕሚ
ዓገብ እብል ብተደጋጋሚ//

ንህግደፍ ሐቍፍና
ህግደፍ ጸላእትና
እንተ ጨራሕና
ማዓስ የምሕረልና//

ዘራጊ ኮሎ ዶ ለተ
ጹሩይ ማይ ይስተ
ሕልሚ ሐርበኛ ዓዋተ
53 ዓመቱ ከይተ ዓወተ//

ካድር ዝተጸወዔ
ተልእኹሉ ምስ ረሰዔ
እንገራ ልማኖ ምስ ኀሰዔ
ሹዑ እዩ ህዝቢ ዝተረሰዔ//

ንበታኒ ኣለሊና ሃየ
ማይ ሃሪሙ ከይጸሐየ
ናብ ስራሕ ንጓየ//

ማይ ከም ዝዓሞኸ ኢድና
ክንዲ ንኀዪ ዶብ ሰጊርና

ይበልዎ ንብል ገሌና
ኣብ ጎረቤት ካብ ምድቃስ
ሐርበኛ ሕጂ ተበገሰ
ውዲት ከይድገም ቀስብቐስ//

ህላወና እሞ ነራጋግጽ
ብኽልተ እግርና ክንረግጽ
ሹዑ ያዕ ንበሎ ክንመርጽ//

ብኽ ብኽ እመጻኒ
ወረ መዓስ ኢና ነሳኒ
እንታይ ሽግርና
ኩሉ ሳዕ ምስ ተሰዓርና
ህላወና ከየራጋገጽና
ዘበት ድሒኑ ህዝብና//

ንመስከረ ቃል ንእቶ ውድባት
ቅድሚት ዝኸውን ንድሕሪት
ኣብ ሐደ ይጠርነፍ ሰራዊት//

ደላይ ፍትሒ መርገጽ ክወስድ
ምስ ናይ ሐርነት ቅዲ ዝቐድድ
ምስ ብቕጽበት ባይታ ንዝወርድ//

ንባይታ ዓደቦና ንጠቐመሉ
ይጽበ ሎ መርሓባ ዝኣመሉ
እንባ ኩርባ ጀጋኑ ዝወደቑሉ//

ህላወና እሞ ኣራጋግጽና

ካብ ብማዕዶ ምዕዛብ
ብስኒት ንበል ዘብዘብ
ተሰዲድካ የለን ክብረት
ተናዒቕና በዚሕ ውርደት
ሰብ ርስቲ ከለና ሰብ ንብረት//

ጀማሪት ሰውራ መስከረም
እዚ ካብ ኮነ ሕልምም
ይትረፈና ምራሎም ደገፎም//

ኣነስ ምበልኩ ሕደጉና
ግዝየ ኣይተናውሑልና
ሸግርና ክንፈትሖ ባዕልና//

ኣብ መስከረም ንሳማማዕ
ንህግደፍ የስምዖም ሰላዕ
ብበላዕተኛታት እኒ ከዳዕ
ብመሰልቶምን ካብ ንግፋዕ//

መስከረም እቲ ዝኸፍኤ
ብሰንኮም ካብ ዓዱ ዝጠፍኤ
ተመሊሱ ኢዱ ዝነስኤ
ናብ ናይ ህግደፍ ምስሌነ
ነዚኦም ጸላእኩ ኣነ//

ካብ ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ
ንህግደፍ ክውድሱ በሻሐት ዝወጹ
ካብ ሐርበት ባርነት ዝመረጹ//

ሑቖኡ ሂቡ ዝኸይድ
ሑቖ ከዳዓት ዘሰውድ
ኣንፈቱ ሲሒቱ ዝዓብድ//

መስከረም መበል 53 ዓመታ
ንኤረትራ ድሕሪ ነጻነታ
ሐርነት ሲኢኖም ህዝብታታ
ህግደፍ በቲኖም ናትና ያታ//

ኣብ መስከረም ቃል ንእቶ
ትኽስ ግደፉ ውድባት
ካብ ንግሆ ናብ ምሸት
ጽረ ፋሽሽታዊ ስርዓት
ለውጢ ይካኣል ብውሕዳት//

ኣብ ምፍንጫል ካብ ንሕልፎ
ቀልጢፍና ውሽጥና ነጽፍፎ
ቅልጽምና ኣብ ሐደ ንጠርንፎ
ህግደፍ ካብ ሱሩ ክመሖ
ይኹን ናይ ሐባር ጭርሖ
ህዝቢ ክረክብ መስተርሆ
ናይ ደገ ማሕለኻ ንብተኮ//

ኣይንንበር ኣብ ሕልሚ
ዳል ዶ ትፋኖ ብዘይ ገዝሚ
ብዘይ ላሕሚ ኣሎዶ ጠስሚ
ክትግበር ናይ ሰዉኣት ሕልሚ
ንወስን ጽባሕ ዘይኮነ ሎሚ//

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤትራ*
*ክብርን ምጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ሎሚ ዓመት ናይ ግድንዩ ዓወትና*
*ሽዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና*